# ልደት 2006 ዓ.ም.

## (1-4-2014)

ተወልደ በተድላ መለኮት እማርያም እምቅድስት ድንግል ተወልደ በተድላ መለኮት።

**መዝሙር:** ይሰርቅ ኮከብ እም ያዕቆብ ወየአትት ኃጢአተ እም እስራኤል...

**ንባባት:** ቲቶ፡ 2፡11-14፥ 1ዮሓ 4፡1-9፥ ግ.ሓ.7፡17-23፥ ሉቃስ 2፡1-14.



**ምስባክ:** ወአነሂ በኲርየ እረስዮ፥ ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር ወለዓለም አዓቅብ ሎቱ ሣህልየ። "አነ እውን በዅረይ ክገብሮ እየ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ ነቲ ዘተስፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ እውን ከጽንዓሉ እየ" መዝ. 89፡-27-28።

ክብራን መፍቀርቲ አምላኽ ህዝበ እግዚአብሔር በዚ ብሩኽን ፍሉይ ዕለት ልደት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንዝክር ከሎና እንቋዕ አብ ብርሃነ ልደቱ አብጽሓና ናይ ሰላምን ፍቕሪን ምሕረትን ልደት ገሩ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ፍሉይ ፍቕሪ አምላኽ ዘሕድር ይግበረልና። ከምኡ አብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ዝርከቡ በተሰብኩምን ፈተውትኹምን ጸጋ አምላኽ ዝበዝሖ ልደት ክገብረሎም፥ አብ ሃገርናን ዓለምናን ከአ ሰላም ነጊሱ ደቂ ሰብ ጣዕሚ ሰላምን ፍቕሪ አምላኽን ዘስተማቕሩሉ ዘመን ከውርደልና ብልቢ እና ተመነኹ ንዅልኹም ርሑስ ልደት እብል። ከምኡ ነቶም አብ ዝተፈላለየ ጸገም ዝርከቡ በዚ ብሩኽ ልደት አምላኽ ራህዋ ከውርደሎም ክንጽሊ፥ ኃጥአን አብ መገዲ አምላኽ ክምለሱ ዝተባእሱ ክዕረቑ ዝጠፍኡ ክርከቡ ዝተሸገሩ ክርህዎም አብ ስደት ዘለዉ ብሰላም ዓዶም ክምለሱ። ውግእን ግፍዕን ካብ ዓለምና ጠፊኡ ሰብ ሰላም አምላኽ ዘስተማቕረሉ ዘመን ክህበና አብዚ እነዕርጎ ዘሎና ፍሉይ ጸሎትን መስዋዕትን ምእንቲ ነፍሲ ወከፍና እናአዕረግና ብዳግም ብሩኽ ልደት እብል።

ልደት መድኃኒና ፍሉይ ምዕራፍ አብ ሕይወት ደቂ ሰባት ዝኸፍት እዩ። ቅዱስ መጽሓፍ ነቶም አብ ጸልማት ዝነበሩ ብርሃን በሪኾሎም እናበለ ናይ ክርስቶስ ልደት ዘምጽኦ ምሕረት ይነግረና። ኢሳያስ ነብይ አብ 9፡1~6 ዘሎ እንተ አንበብና፡ "እቲ አብ ጸልማት ዚነብር ህዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረአየ፥ ነቶም አብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዝነብሩ ድማ ብርሃን ወፀሎም" እናበለ ክርስቶስ ዘምጽኦ ምሕረትን ለውጥን አብ ሕይወት ደቂ ሰባት ተነብዩ። ኢሳያስ ንጉሥን አማኸርቱን ንአምላኽ ምእማን ስለ ዝአበዩ አብ ጸልማትን ፍርሕን ከም ዝነበሩ ይነግር። ንአምላኽ ዝሓደገ ሕይወት መለለይኡ ፍርሒ ስግአት ጥርጠራ እዩ። ናይ እግዚአብሔር ድለት አብ ህዝቡ ክርእዮ ዝደሊ ሰላምን ሓጎስን እዩ። ነቲ ዝነበረ አርዑት ዘውርደሎም መድኅን ከም ዝሰድድ አቐዲሙ ነጊሩ ነሩ እዩ። ነቲ ብነብያት ዝተነግረ ተስፋ ኩሉ ጊዜ ምስ ሓለዎ እዩ።

ሰብ ኣብ ከቢድ ባርነትን ጭቆናን እንከሎ ምልክት ነጻነት እንተ ረአየ ዝስምዖ ሓጎስ ኩልና ንርድኦ ኢና። ብተፈጥሮና ንጭቆና ንጸልማት ስለ ዘይተፈጠርና ኣይውሓጠልናን እዩ። ወላ እውን ብድኽነት ንገዛእ ኩሉ ጊዜ ነጻነትን መሰልን ንደሊ እዚ ኣብ ባኅርና ዘሎ ነገር እዩ። ኣብ ልደት ነዚ ኢና እንስተማቕር። ልደት ክርስቶስ ካብ ጸልማት ኣብ ብርሃን ካብ ባርነት ኣብ ነጻነት ኣውጺኡና። ነዚ ኣምላኽ ዝገበረልና ሰናይ ነገር ደጋጊምና ነስተማቕሮ ነብዕሎ ካብኡ ዝዓቢ ጉዳይ ስለ ዘይብልና።

መዝሙር፡ "ኮኽብ ካብ ያዕቆብ ክወጽእ እዩ ኃጢአት ዓለም ከአ ካብ እስራኤል ክድምሰስ እዩ፥ ኣነ እውን በኹረይ ክገብሮ እየ ካብ ነገስታት ምድሪ ልዕል ዝበለ እዩ፥ ኣብ እምባታት፥ ሎሚ ኣብ ሰማያት ሠራዊት መላእኽቲ ክሕጎሱ እዮም" ዝብል ንዝምር። እቲ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ዝሃቦ ተስፋ ሎሚ ተተግቢሩ፥ ምጽኣቱ ንደቂ ሰብ ካብ ግዝኣት ኃጢኣት ነጻ ኣውጺእዎም። ሎሚ መዓልቲ ሓጎስን ዓወትን ስለ ዝኾነ ኩሉ ፍጡር በቲ ክርስቶስ ዘምጽኦ ጸጋ ተሓዲሱ ኣብ ደምበ ኣምላኽ ክርከብ ዘዘኻኽር ቅዱስ መዓልቲ እዩ።

## ልደት ርክብ ምስ ኣምላኽ እዩ።

ብልደት ክርስቶስ ኣምላኽ ኣብ ባህርና ኣብ ዓለምና ኣባና መጺኡ። ሓዋርያ ከም ዝብለና ባህሪ ኣምላኽ ባህሪ ድኹም ፍጡሩ ወሲዱ ብዘይካ ኃጢአት ብኹሉ ንአና መሲሉ። ኣምላኽ ንአና ደቂ ሰማይ ክገብረና መጺኡና ኣሎ። ክንቅየር ክንሕደስ ንአኡ ክንመስል ኢሉ መጺኡና ኣሎ። ነፍስወከፍና መልሲ ክንህብ እዋኑ እዩ። ነዚ መጺኡ ዘሎ ዓቢ ጋሻና ዘየቐብል እንታይ ኣሎና። ስለዚ ኣሕዋተይ ንኣምላኽ ዝበቅዕ ልብን ሕይወትን ሒዝና ክንርከብ እሞ ኣብ ልብና ክሓድር ሎሚ ሕራይ ኢልና ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ክንሕዝ ክንቅደስ ምስ ኣምላኽ መብጽዓ እንአትወሉ ዕለት እዩ። ነቲ ኣባና ዝመጸ ኣምላኽ እምብአር ንቀበሎ ኣብ ገዛና ኣብ ልብና ኣብ ዓድና ነእትዎ።

## ክርስቶስ ኣብ ልብና ክውለድ ይግባእ።

ኣምላኽ ንሰብ ከድኅኖ ተስፋ ዝሃቦ ኣብ ገነት ኤደን እዩ። ድሕሪ ምፍጣርና ነውሕ ከይጸንሐ ኣምላኽ መርገም ንተመን ተስፋ ኪዳን ከአ ንደቅ ሰብ ሂቡ። "ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርአን ከአ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእስኻ ኪጭፍልቕ እዩ፥ ንስኻ ድማ ሸኼናኡ ኽትነክስ ኢኻ" (ዘፍ 3፡15)። እዚ ኪዳን ናይ ተስፋ ኣብ ዘመናት በብእዋኑ ተሓዲሱ። ሉቃስ ወንጌላዊ ከም ዝህበና ኣምላኽ ድሕሪ 77 ወለዶ ንደቂ ሰብ ቀሪብዎም ይብለና። ኣብ መንጎ እዚ ዘመናት ነብያት ግሉጽ እንታይነት እቲ መስሕ ነጊሮም። ዓለቱ፥ ዝውለደሉ ቦታ፥ ዝጓነፎ ፈተነታትን ዝወርዶ ውርደትን ኣብ መጨረሽታ ኸአ ከም ዝዕወት ተነብዮም። ኣብ ትንቢት ኢሳያስ 9፡2-7 ዘሎ እንተ ኣንበብና እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ተስፋ መድሃኒ ብግሉጽ ንርእዮ። "ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና እዩ፥ ንሱ ኸአ ገዛኢና ክኸውን እዩ ንሱ ግሩም መኻሪ ብርቱዕ ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ኣቦ መስፍን ሰላም ተባሂሉ ኪጽዋዕ እዩ" "ኣብ ጸልማት ዝነብር ሕዝቢ ዓቢይ ብርሃን ረአየ ነቶም ኣብ ጸልማት ምድሪ ሞት ዚነብሩ ድማ ብርሃን ወፀሎም" (ኢሳ 9፡2)። እዚ ትንቢት ኢሳያስ ናይ ሰላም መስፍን፥ ብርሃንን ሕይወትን ዘምጽእ ከም ዝውለድ ኣቕዲሙ ነጊሩ። ኢሳያስ ብዛዕባ መስፍን ሰላም ክዛረብ እንከሎ ብዛዕባ ንሱ ዝቅንጥጦ ጸልማት እውን ይዛረብ። እዚ ብርሃን ንጸልማት ዝቕንጥጥ ዝብል ኣገላልጻ ሕመረት ርድኢትና ብዛዕባ ትስብእት ወልድ ዝገልጽ እዩ። ወልድ ከማና ሰብ ምስ ኮነ ሓዲስ ባሕሪ ኢና ፈጢርና። ተቐይርና ሓደስቲ ፍጥረት ኮና ምኽንያቱ ኣምላኽ ከማና ስለ ዝኾነ። ኢሳያስ እምብአር

ነዚ ቅድሚ ኣማእት ዘመናት ኣብ ትንቢቱ ገሊጽዎ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ጸልማት ብዙሕ ሓሳባት ዘጠቓልለ እዩ ንክፉእ ከምኡ ንፈሊጥካ እትገብሮ ሃጢኣት ብጸልማት ይግለጾ።

ሰብ ኣብ ሃጢኣት ምስወደቐ ጸልማት ተጎልቢቡ ነቲ ምንጪ ብርሃን ኣምላኽ ከይርኢ ባዕሉ ብዘምጽኦ ስኢንዎ። ሰብ ጸልማት ስለ ዝመረጸ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐውም ራዕዲ ወሪድዎ። ኣዳም ድምጺ ኣምላኽ ምስ ሰምዐ ኣብ ዱር ክሕባእ ፈቲኑ። ኣብ ደብረ ሲና እስራኤላውያን ግርማ ኣምላኽ ክርእዩ ክኢሎም እንተኾነ "እግዚኣብሔር ኣይዛረበና እንተ ዘይኮነ ክንመውት ኢና" ኢሎም ንሙሴ ንሱ ጥራሕ ክዛረቦም ለሚኖሞ። እቶም ጓሶት መልኣኽ ምስ ረኣዩ ፈርሑ። እቲ መልኣኽ ከምዚ በሎም "እንሆ ንኹሉ ህዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ፥ ምኽንያቱ ሎሚ መድኃኒ ክርስቶስ ጎይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ኣሎ" በሎም።

እቲ መልኣኽ ነቶም ጓሶት እዚ ብስራት ንኣኹም እዩ ምስ በሎም ቀልጢፎም ናይ እቲ ዝተባህልዎ ግብራዊ መልሲ ክህቡ ክኢሎም። "እቶም መላእክቲ ኻብኣቶም ናብ ሰማይ ምስ ዓረጉ ድማ እቶም ጓሶት ንሓድሕዶም ነዚ እግዚኣብሔር ዝገለጸልና ክዉን ነገር ክንርኢ ንውናይ ናብ ቤተ ልሔም ንኺድ" ተበሃሃሉ። እቲ መላእክቲ ዝበልዎ መልእኽቲ ሓይሊ ነርዎ ንሰባት የንቀሳቕስ። ሽቸሮ ዝተባህለ ሮማዊ ፍላስፋ ኣብ ባይቶ ዘረባ ከስምዕ እንከሎ ብዙሓት ብዘረብኡ ይድነቑ ነሮም፥ ሰባት ክንደይ ጹቡቕ ይዛረብ እናበሉ ብዘረብኡ ይግረሙ ነሮም ግን ካብ መንበሮም ይነቀሳቐሱ ኣይነበሩን፥ ብዙሓት ብርቱዕን ሓያልን ዘረባ ዘስምዑ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ተራእዮም እዮም እንተኾነ ኣይ ከም እቶም መላእኽቲ ዘበሰርዎን። እቶም መላእኽቲ ዘበሰርዎ ነቶም ሰላማውያን ሰባትን ከምኡ ነቶም ሓይልታት ጸልማት ኣንቀሳቒስዎም እዩ። እቶም ጓሶት ኣብቲ በዓቲ ገጾም ቀልጢፎም ከይዶም፥ ሰብኣ ሰገል ነቲ ኮኾብ ተኸቲሎም ኣብቲ ዝነበሮ ካብ ርሑቕ ምስራቕ መጺኦም፥ ሄረዱስ ፈሪሑ ምሉእ ለይቲ ላዕሊ ታሕቲ ክብል ሓዲሩ። ናይ መልኣኽ ዘረባ ኣብ ሕያኣት ሰባት ዓቢ ለውጢ እዩ ዘምጽአ ከም ማንም ዘረባ ብንፉስ ዝጠፍእ ኣይኮነን። ብመላእኽቲ ዝተነገረ ብስራት ንሄርብዱስ ዓቕሉ ኣጥፊእሉ ስለዚ ወተሃደራቱ ልኢኹ ነቲ ዝተወልደ ሕፃን ክደልዩ ነቲ ከባቢ ሃዊጾሞ፥ እቶም ወተሃደራድ ግን ነቲ ሕፃን ክረኽብዎ ኣይከኣሉን ምኽንያቱ ብርሃን ኣይኮኑን ዝኸዱ ነሮም፥ ንሶም ኣብ ጸልማት እዮም ዝመላለሱ ነሮም። እቶም ጓሶት ግን ንብርሃን ስለ ዝተኸተሉ ክረኽብዎ ክኢሎም።

ሎሚ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ክንረኽቦ ይጽውዓና ኣሎ። ብገርሄኛን ሓቀኛን ሕይወት ጽን ኢልና ክንረኽቦ እንተ ከድና ክንረኽቦ ኢና፥ ልብና ብኽፍኣት ብሃጢኣት ጸልሚቱ እንከሎ ግን ክንረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና። እሞ ካብዚ ቅዱስ ቦታ ከይረኸብናዮ ከይንወጽእ ሓደራ፥ ህያብና ፍቕርና ነቕርበሉ። ንሱ ዝህበና ክንቅበል መጀመርያ ንሕና ልብና ንሃቦ። እቶም ገርሄኛታት ጓሶት ነውሕ ከይከዱ ካብቲ ዘለውዎ ኣብቲ በዓቲ ረኺቦም ንሱ ግን ካብ ሰማያየ ሰማያት ዝኾነ መንበሩ ኣብ ምድሪ ክረኽቦም ካብ ዘለዓለም ናብ ግዝያዊ ካብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ናብ ስቓይን ሞትን መጺእዎም። ኣብ መብልዕ ማል ነቲ ንኹሉ ዘሕዊ ናይ ነገስታት ንጉሥ ብዘይ ሓደ ጸገም ክርእይዎ ኣብ ቤቱ ክኣትዉ፥ ናይ ኩሉ ፍጥረት ዋና ብዘይ ዝኾነ ዓራት ኣብ መብልዕ ማል ረኺቦሞ እንተ ኾነ እቲ ሓጎስ ኣብኡ ዝረኸብዎ መለክዒ ኣይነበሮን።

ሎሚ ኣብዚ ሓጎስ ናይ ጓሶት ክንካፈል ከሎና ኣብ ሓጎስ መላእኽቲ፥ ኣብ ሓጎስ ዮሴፍን ማርያምን ስለ እንካፈል ከንከቀሳቕሰና ኣለዎ። ነቲ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዘመጸ እሞ ንሰማይ ክወስደና ዝመጸ መድኃኒና ክንረክብ ንመገዲ ጸልማት ሓዲግና ንመገዲ ብርሃን ክንሕዝ ኣሎና። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ትምህርቱ "ኣምላኽ ሰብ ከይኑ በዚ ኸኣ ሰብ ኣብ ሕይወት ኣምላኽ

ክሳተፍ ክኢሉ’’ ይብል። ምስ መላእኽቲ ኮና “ክብሪ ንእምላኽ ኣብ ኣርያም፥ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚኣብሔር ዚሕጎሰሎም ሰብ’’ ንበል።

ሰላም ዝእወጀሉ ሰብ መልእኽቲ ኣምላኽ ዝቕበለሉ ኲሉ ተሓዲሱ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣስተማቒሩ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዝኣትወሉ ዕለት እዩ። ንነፍስወከፍና ከካብ ተሓቢእናሉ ዘሎና በዓቲ ሕይወትና ክንበጽሖ ምስ ህያባትና ክንመጽኦ ይዕድመና ኣሎ። ዕድመ ኣምላኽ ኣኽቢርና ንውናይ ኣብ ቤት ኣምላኽ ንውናይ ንዕርቂ ንውናይ ንሰላም ክነንግስ ኢልና በዓልና ነብዕል። ሎሚ ኣብ ልብና ብርሃን ክርስቶስ ክበርህ እሞ ንዝጠፍኡ ንዝተጋገዩ ኣብ ክርስቶስ መሪሕና ክንመጽእ እንወፍረሉ ዕለት እዩ እሞ ኦ ኣምላኽ ኣብ ልብና ተወለድ ናትካ ግበረና ካብቲ ተኸዊልናዮ ዘሎና ጸልማት ዝመልኦ ሕይወት ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ሓውናን ሓፍትናን ክነዕቢ ሓግዘና ንበሎ።

ልደትና ልደት ፍቕሪ ሰላም ምሕረት ዝእውጅ ይግበረልናን ነዛ ሰላም ስኢና እትሕመስ ዘላ ዓለም ንጉሥ ሰላም ክርስቶስ ሰላም የውርደልና።

ብሩኽ ልደት ንኹልኹም።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ